paltalk
Eritrean Room for A Strong United Opposition

# ኣገዳሲ ህዝባዊ ሓቤረታ ..!! ዘተ ምስ ክቡር ሓው ጋዜጠኛ መሓሪ ኣብራሃም ኣባል ሰክረታርያ ሃገራዊ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ

**ዝኸበርክምን/ክንን ደቂ ሃገር፡ ብቀዳምነት ልዑል ልባዊ ሰላምታና ይብጻሕኩም/ክን።**

**ብምቅጻል ከምቲ ልሙድ ንዓርቢ** 3 **መስከረም** (September), 2010 **ክቡር ሓው ጋዜጠኛ መሓሪ ኣብራሃም፡ ጋሻ ናይ** “Eritrean room for united and strong opposition“ **ኮይኑ ከሚሲ፡ ኣብ** (Paltalk)**፡ ሒዝናልኩም ክንቀርብ ኢና። እዛ** room **እዚኣ እትኸፈተሉ ግዜ፡ ብናይ ማእከላይ ኣውሮፓ ኣቐጻጽራ፡ ሳዓት** 20:00 **ክኸውን እንከሎ፡ መደረ ጋሻና ዝጅምረሉ ግዜ ግን፡ ሳዓት** 21:00 **እዩ።**

**ሓው መሓሪ ኣብራሃም፡ ዋና ኣሳናዳኢ** TV-Zete **ኣብ ሽወደን፡ ከም ጋዜጠኛ መጠን፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ስደት ኮይኑ ክውንነት ህዝብናን ሃገርናን ኣብ ትሕቲ ስርዓት ውልቀ-መላኺ ዘቃልዕ፤ ዝተፈላለዩ ኣባላትን መራሕቲ ውድባት/ሰልፍታት ኤርትራ፡ ከመኡ እውን ብውልቀ ተቓወምቲ፡ ኣብ መደቡ እንዳ ዓደመ፡ እውነታውን ኣሉታውን ምዕባሌታት ተቓውሞ ደንበ፡ ህዝብና ከም ዝፈልጦን ዝሕበርን፡ ዝገብር፤ ተቃሊሱ ዘቃልስ፤ ዘሎ ውፉይ ወዲ ሃገር እዩ።**

**ጋዜጠኛ መሓሪ ኣብራሃም ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ንኽፍሊ መድያ መርበብ ሲቪካዊ ማሕበራት መሪሑ ብምኻድ ዝተሳተፈን ከምኡ ኣዉን ንዝተፈላለዩ ማዕከናት ዜና ብምዉካል ናብ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራሲያዊ ለዉጢ ተሳቲፉ። ብድሕሪኡ ኣዉን ናይታ ብተሳተፍቲ ዋዕላ ሙሉእ ዉሳነን ፍጹም ደሞካራሲያዊ ኣገባብን ካብ ዝተመረጹ** 17 **ዝኣባላታ ሰክረታርያ ዋዕላ ካብ ዉሽጣ ብብቕዓትን ክእለትን ካብ ዝተመረጹ ቀዳሞት ሓንቲ ኳልኣንስተይቲ ዝርካባ** 4 **ዝኣባላታ ዋዕላ እትመርሕ መሪሕነት ሰክረታርያ ብሙሉእ ድምጺ ተስተፍቲ ዋዕላ ዋዕላ ክመርሕ ካብ ዝተመርጹ እዩ።**

**ትሕዝቶ መደረ ሓው መሓሪ ኣብራሃም፡ ኣብ ትሕዝቶን ዉጺትን ሃገረዊ ዋዕላ ንደሞክራሳዊ ለዉጢ ብዓይኒ ሰክረታርያ ዋዕላ እዩ። እዚ ኣገዳሲን ብሉጽን ሓበሬታ ክቡር ጋዜጠኛ መሓሪ ኣብራሃም ከይሃልፈኩም ምሳና ክተምስዩ/ያ ንኹልኻትኩም/ክን፡ ኣሕዋትን ኣሓትን ደቂ ሃገር፡ ብኽብሪ ንዕድም።**

**ብዳሓን ምጽኡ**

**ካብ ኤርትራውያን፡ ኣባላት ዝተፈላለያ ውድባትን፤ በርገሳዊ ማሕበራትን፤ ብውልቀ ተቓወምቲ፡ ኣብ መራኸቢ ብዙሓን** (Paltalk)**፡ ብዛዕባ ኩነታት ህዝብናን ሃገርናን፡ ከምኡ’ውን ከም ተቓወምቲ መጠን፡ ብኣግባብ ኣቓላልሳና እንማያየጥን ኣንዛተን ደቂ ሃገር።** erfsauo@yahoo.com